## ኣብ መበል 2009-2012 ዓመት ምህረት ዝምረቑ ተመሃሮ ከማልእዎ ዝግብኦም መስፈርትታት
## Graduation Requirements 2009 2012

ናይ ኣካዳሚክ ኣችቭመንት ሰርቲፊኬት ምርካብ (CAA)

ነዚ ሰርቲፊኬት ንምርካብ ብስቴትን ናይ ቤት ትምህርቲ ምምሕድዳር ዘውጽኦም ንምምራቕ ዘድልዩ ኩነታት ክማላእ ከሎ እዩ[1]። እዚ ድማ ኣብ መበል 12 ክፍሊ ክጠናቐቕ ዘለዎ ናይ መወዳእታ ፕሮጀክትን ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ቤትን ድሕሪኡ ዘሎ ፕላንን ይሓቑፍ። ከምኡውን፤

ኣብ ናይ ዋስል ፈተና ዜርከብ ናይ ምንባብን ምጽሓፍን ክፍሊ ኪሓልፉ ወይ ድማ

ናይ ዋስል ፈተና እንተድኣ ተሪፉ ካብቲ ዝጸደቐ ናይ ምንባብን ምጽሓፍን ኣማራጽታት ሓዲኡ ኪሓልፍ ኣለዎም። እዞም ኣማራጽታት ድማ ካብዚ ዝስዕቡ እዮም፤

a. ምንባብ:

i. ንዝለዓለ ትምህርቲ ንምውሳድ ዝወሃቡ ፈተናታት(AP) ከም ናይ እንግሊዝኛ ስነጽሑፍን(ሊትረቸር) ስነድርሰትን፣ማክሮኢኮኖሚክስ፣ማይክሮኢኮኖሚክስ፣ሳይኮሎጂ፣ናይ መንግስቲ ኣሜሪካ ታሪኽ፣ናይ ዓለም ታሪኽ፣ናይ መንግስቲ ኣሜሪካ መንግስትን ፓለቲካን ፣ ዝተፈላለዩ መንግስትታትን ፖለቲካን ምንጽጻር ንዝኣመሰሉ ትምህርትታት 3 ወይ ድማ ካብኡ ንላዕሊ ነጥቢ ብምምጻእ እዩ።ወይ ድማ፤

ii. በቲ ብናይ ዋሽንግተን ስቴት ናይ ትምህርቲ ቦርድ ኣብ ዲሰምበር 1, 2007 ኣቢሉ ዝግለጽ ናይ ኤስ ኤ ቲ (SAT ) ኤ ክ ቲ (ACT) ዝበሃሉ ፈተናታት ብምንባብ እቲ ዝወሓደ ነጥቢ ከመዝግቡ ኣለዎም።

b. ምጽሓፍ :

i. ኣብ ናይ ዝለዓለ ትምህርቲ(AP) ንምምዳብ ዝውሰዱ ናይ እንግሊዝኛ ቋንቋን ጽሑፍን ፈተና 3 ወይ ድማ ካብኡ ንላዕሊ ምምጻእ ወይ ድማ

ii. ብናይ ዋሽንግተን ናይ ትምህርቲ ቦርድ ኣብ ወርሒ ዲሰምበር 1, 2007 ኣቢሉ ዝግለጽ ናይ ኤስ ኤ ቲ( SAT ) ኤክቲ( ACT ) ናይ ምጽሓፍ ፈተናታት እቲ ዝወሓደ ነጥቢ ምምጻእ፤

ከምኡውን

(1) ናይ ዋስል ናይ ቁጽሪ ፈተና ምሕላፍ ወይ ድማ

ብናይ ዋስል ፈተና እንተተሪፍካ ካብቲ ዝተፈቕደ ቀጺሎም ዘለው ኣማራጽታት ብሓዲኡ ምሕላፍ ይግባእ፤

a. ኣብ ናይ ኤክቲ( ACT ) ናይ ቁጽሪ ፈተና 19 ወይ ድማ ካብኡ ንላዕሊ ምምጻእ፤

b. ኣብቲ ዝለዓለ ትምህርቲ ናይ ምደባ ፈተና(AP) ናይ ካልኩለስን ስታትስቲክስ ፈተናታት 3 ወይ ድማ ካብኡ ንላዕሊ ነጥቢ ምምጻእ፤ ወይ ድማ፤

c. ኣብ ናይ ኤስ.ኤ.ቲ(SAT) ናይ ቁጽሪ ፈተና 470 ወይ ድማ ካብኡ ንላዕሊ ነጥቢ ምምጻእ፤

[1] ናይ ስቴት ናይ ትምህርቲ ቦርድ እቶም ኩሎም ተመሃሮ ኪወስድዎ ዝግብኦም ናይ ቁጽሪ ነጥብታት ካብ ክልተ ናብ ሰለስተ ክብ ንምባል ሓሲቡ ኣሎ። እዚ ማለት ድማ እቲ ተመሃራይ ሽዱሽተ ናይ ቁጽሪ ትምህርትታት ኪመሃር ኣለዎ። እቲ ትምህርቲ ምስ ናይ 9ይ፣10ይ፣11 ክፍሊ ኪፈልጥዎ ዘለዎም ዝተታሓሓዘ እዩ። (GLEs).

***ወይ ድማ***

(1) ***ናይ ዋስል ፈተና እንተተረፍካ፤ ናይ ዋስልን/እቲ ዘለካ ነጥቢን ኣወዳዲርካ(*** WASL/Grades Comparison) ***ነቲ ኪማላእ ዘለዎ ምምላእ። ናይቲ ተመሃራይ ብናይ ቁጽርን/ ወይ ድማ ናይ እንግሊዝኛ ትምህርቲ ዘለዎ ነጥቢ ምስቲ ነዞም ትምህርቲ ዝወሰዱ ተማሃሮን <u>ነቲ ዋስል ዝሓለፉ</u> ተማሃሮን ብምውድዳር። እዚ ኣማራጺ እዚ ነቶም ኣብ መበል 12 ክፍሊ ንዝመሃሩን ብናይ ኣጠቓላሊ ነጥቦም ድማ*** (Grade Point Average ) ***እንተወሓደ 3.2 ካብ ናይ 4 መመዘኒ ነጥቢ ዚረኽቡ <u>ጥራይ</u> እዩ።***

(2) ***ብናይ ዋስል ፈተና ንዝተረፉ ድማ ዝሰርሕዎ ዕዮታት ብምእካብ ነጥቢ ክወሃቦ ንስቴት ምቕራብ (ኮሌክሽን ኦፍ ኤቪደንስ)፤***

***<u>ዲፕሎማ ንምርካብ</u>***

***ነቲ ንምምራቕ ዘድሊ ኩሉ ካልእ ኣድላይ ነገራትን ነቲ ንሰቲፊኬት ኦፍ ኣቺብመንት ንምርካብ እቲ ክማላእ ዘለዎ ዘማልኡ ተማሃሮ ነገር ግን ብናይ ዋስል ናይ ቁጽሪ ፈተና ምሕላፍ ዘይክኣሉ ወይ ድማ ካልእ ዝተፈቕዱ ኣማራጽታትውን ዘይሓለፉ ክልተ ናይ ቁጽሪ ትምህርቲ ወይ ድማ ሲቲኢ*** (CTE) ***ነጥቢ(ዓርባዕተ ክፍሊ) ከምኡውን ዋስል በብዓመት ከምብሓድሽ ብምውሳድ ናይ ካልኣይ ደረጃ ዲፕሎማ ኪወስዱን ኪምረቑን ይኽእሉ እዮም። ተመሃሮ ዲፕሎማ ንኪረኽቡ ናይ ዋስል ዘይክኮነስ ናይ ቁጽሪ ትምህርቲ ኪሓልፉ ኣለዎም።***

***ሓደ ተመሃራይ እቲ ከምብሓድሽ ኣብ ዝፍተኖ ናይ ዋስል ቁጽሪ ፈተና እንተድኣ ሓሊፉ ነቲ ናይ ቁጽሪ ወይ ድማ ንእኡ ዚትክእ ናይ ሲቲኢ*** (CTE) ***ትምህርትታት ምውሳድ ኣየድልዮን እዩ። እቲ ተመሃራይ ኣብ ክንዲ ዲፕሎማ ናይ ሰርቲፊኬት ኦፍ ኣካዳሚክ ኣችብመንት ክወስድ ይኽእል።***

***<u>ሰርቲፊኬት ኦፍ ኢንዲቪዥዋል ኣችብመንት ዝተባህለ ናይ ግሊ ሰርቲፊኬት ምርካብ</u>*** <u>(CIA)</u>

***እዚ ሰርቲፊኬት እዚ ንናይ ዋስል ፈተና ኪወስዱ ዘይክእሉ(ብምጥዕዓም ኮነ ብዘይምጥዕዓም) ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ዘድልዮም ተመሃሮ ብናይ ስቴትን ናይ ቤት ትምህርቲ ምምሕድዳር(ዲስትሪክት) ንምምራቕ እቲ ኣዳልይ ዝኾነ ንዘማልኡ እዩ። <u>ከምኡውን</u>***

(1) ***ኣብ 9ይ ወይ 10ይ ክፍሊ ምጥዕዓም ዝተገብረሉ ዋስል*** (WASL-Modified (WASL-MO) ) ***ወይ ድማ*** WAAS-Portfolio ***እንተድኣ ኣማሊኦም ወይ ድማ***

(2) ***ኣብ 11ን 12ን ክፍሊ ዘለው ምስቲ ዕቤቶም ግቡእ ዝኾነ (ዴቨሎፕሜንታሊ ኣፕሮፕሬት) ዋስል*** (WASS-DAW) ***ይወስዱ።***

***<u>ሰርቲፊኬት ኦፍ ኣቴንዳንስ</u>***

***ነቶም ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ዝመሃሩ ተመሃሮን ነቲ ናይ ሰርቲፊኬት ኦፍ ኢንዲቭዥዋል ኣችብመንት ንምውሳድ ከማልኡ ዘይክኣሉ ተመሃሮ ናይ ቤት ትምህርቲ ምምሕድዳር ሰርቲፊኬት ኦፍ ኣቴንዳንስ ክህቦም ይኽእል እዩ። ብናይ "ኬብንስ ዝተባህለ ሕጊ" መሰረት እቲ ምምሕድዳር ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ዝወሃቦም ተመሃሮ ናይ ግሊ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራማት***(IEP)( ***ኣይ ኢ ፒ) ዘለዎምን ብቀጻልነት ናይ ፍሉይ ትምህርትን ምስኡ ዝዛመድ ኣገልግሎት ዝወስዱ ዕድሚኦም ካብ 18-21 ዝኾኑ( ዋላ እቶም ነቲ ከማልእዎ ዘለዎም ዘየማልኡን እንኮላይ) ኣብ መበል ራብዓይ ዓመት***[2] ***ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ንኽምረቑ ይፈቕድ እዩ። እቶም ተመሃሮ ናይ ግሊ ናይ ትምህርቲ ፕሮግራሞም ዘማልኡ ወይ ድማ ዕድሚኦም 21 ዝበጽሑ ኣብ ናይ ምረቓ ንጥፈታትን ኪሳተፉን ሰርቲፊኬት ኦፍ ኣቴንዳንስ ክረኽቡ ኪመርጹ ይኽእሉ እዮም።***

---

[2]***ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ዝመሃሩ ተመሃሮ ድሕሪ እዚ ግዜ ቀጺሉ ኣብ ዘሎ ናይ ምረቓ ጊዜ በብዓመቱ ኪሳተፉ መሰል የብሎምን። ነገር ግን ድሕሪ ናይ ኣርባዕተ ዓመት ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቶም ነቲ ሰርቲፊኬት ኦፍ ኢንዲቪዥዋል ኣተንዳንስ መስፈር እንተኣማሊኦም ከምብሓድሽ ኣብቲ ምረቓ ኪሳተፉ ዕድል ይወሃቦም እዩ።***